# God's Simple Plan of Salvation taken from I John

## Introduction

1 John 5:13 ንኣኻትኩም ብስም ወዲ ኣምላኽ እትኣምኑ ዘሎኹም፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዘላትኩም ምእንቲ ኽትፈልጡ ኢለ እየ እዚ ጽሒፈልኩም ዘሎኹ።

## 1. ኩላትና ሓጢእና ኢና።

1 John 5:16-17 ሓደ፡ ንሓዉ ናብ ሞት ዘየብጽሕ ሓጢኣት ኪገብር እንተ ረኣየ፡ ይለምን፡ ኣምላኽውን ነቶም ናብ ሞት ዘይብጽሕ ሓጢኣት ዝገበሩስ ህይወት ኪህቦም እዩ። ናብ ሞት ዜብጽሕ ሓጢኣት ኣሎ፡ ብዛዕባዚ ኣይኰንኩን ይለምን ዝብል ዘሎኹ። ዓመጻ ዘበለ ኹሉ ሓጢኣት እዩ፡ ናብ ሞት ዘየብጽሕ ሓጢኣት ኣሎ።

1 John 3:6 እቲ ኣብኡ ዚነብር ዘበለ ኹሉ፡ ሓጢኣት ኣይገብርን እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሓጢኣት ዚገብር ኣይረኣዮን ኣይፈለጦንውን።




ኩላትና ሓጢእና ኢና።

## 2. ካብ ሓጢኣትና ዝረኽብናዮ መኽሰብ ዘለዓለማዊ ሞት

1 John 5:19 ካብ ኣምላኽ ምዃንና፡ ብዘላ ዓለምውን በቲ እኩይ ተትሒዛ ምህላዋ ንፈልጥ ኢና።

1 John 5:12 እቲ ወዲ ዘለዎ ህይወት ኣላቶ፡ ወዲ ኣምላኽ ዜብሉ ህይወት የብሉን።

1 John 3:15 ንሓዉ ዚጸልእ ዘበለ ኹሉ ቐታል ነፍሲ እዩ። ቀታል ነፍሲ ዝኾነ ኹሉ ድማ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣብኡ ኸም ዘይትነብር፡ ትፈልጡ ኢኹም።

### 3. ኢየሱስ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ሞተ፡ ንመቕጻዕቲ ሓጢኣትና [ሞት] ድማ ንሱ ተበጀወልና።

1 John 4:10 ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና፡ ብናይ ሓጢኣት መተዓረቒ ኪኸውን ኢሉ ድማ ወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ እምበር፡ ንሕና ንኣምላኽ ስለ ዘፍቀርናዮ ኣይኰነን፡ እታ ፍቕሪ በዚ እያ።



**Christ died for sinners!**

1 John 4:2-3 ንመንፈስ ኣምላኽ በዚ ኢኹም እትፈልጥዎ፡ የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ኸም ዝመጸ ዚእመን ዘበለ ኹሉ መንፈስ ካብ ኣምላኽ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ኸም ዝመጸ ዘይእመን ዘበለ ኹሉ መንፈስ ድማ ካብ ኣምላኽ ኣይኰነን። እዚ ኸኣ እቲ ኸም ዚመጽእ ሰሚዕኩምዎ ዘሎኹም ናይ ጸረ ክርስቶስ መንፈስ እዩ፡ ሕጂውን ድሮ ኣብ ዓለም ኣሎ።

1 John 5:11 ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዝሀበና፡ እቲ ምስክር እዚ እዩ እሞ እዛ ህይወት እዚኣ ኣብ ወዱ ኣላ።

### 4. መድሓኒኻ እምነት እንተደኣ ኣሕዲርካ፡ ሕድገት-ሓቲያትካ ኣብ ቀረባ እዮ ዘሎ።

1 John 5:14-15 ከምቲ ፍቓዱ ጌርና ሓደ ነገር እንተ ለመንናዮ፡ ይሰምዓና እዩ፡ እቲ ኣብኡ ዘሎና ትብዓት ድማ እዚ እዩ። ነቲ ዝለመንናዮ ዘበለ ኸም ዚሰምዓና ኻ□ብ እንፈልጥ ድማ፡ እቲ ኻብኡ ዝለመንናዮ ልማኖ ድሮ ኸም ዝረኸብናዮ፡ ንፈልጥ ኢና።

*እወ፡ ብርግጽ ቀሊል እዩ! ንሕድገት-ሓጢኣት ካብ ኣምላኽ ክትዕድጎ ኣይትኽእልን ኢኻ። ንሕግደት-ሓጢኣት ካብ ኣምላኽ ዋጋኡ ክትከፍሎ ኣይከኣለካን እዩ። ብጸጋን ሰናይ-ፍቓድን ኣምላኽ፡ ብእምነት ጥራይ ኢኻ ካብ ኣምላኽ ሕድገት-ሓጢኣት ክትቅል እትኽእል። ንኢየሱስ ክርስቶስ ከም መድሓኒኻ ክትቅበልን ብእኡ ድማ ካብ ኣምላኽ ሕድገት-ሓጢኣት ክትረኽብ እንተደኣ ደሊኻ፡ ከምዚ ኢልካ ክትጽልይ ትኽእል። እዚ ጸሎት ስለዝደገምካ ወይ ካልእ ጸሎት ስለዝገበርካ ጥራይ ኣየድሕነካን እዩ። ኣብ ክርስቶስ እምነትካ እንተደኣ ኣንቢርካ ጥራይ እዩ ካብ ሓጢኣት ከድሕነካ ዝኽእል። እዚ ጸሎት ንኣምላኽ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎካ እምነት እትገልጸሉን ንድሕነትካ ምብጃዉን ንምምስጋን ጥራይ እዩ።*

**“እግዚኣብሄር፡**

**ኣብ ቅድመኻ ከም ዝሓጣእኩን መቕጻዕቲ ከምዝግበኣንን እፈልጥ። ግናኸ ኣብኡ ብምእማን ሕድገት-ሓጢኣት ክረክብ ኢሉ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ በጃይ ተቐጽዓለይ። ከም ዝድሕን ኣብ ልዕለኻ ምሉእ እምነት ኣሎኒ። ስለቲ ዘደንቕ ጸጋኻን ምሕረትካን አመስግነካ! እሜን!”**

**Amazing Grace Publishing *100 Lakeview Court * Joshua TX 76058 * 817-426-1828 * E-Mail JamesAV@aol.com**